# መስርሕ ሕቶ ዑቕባ

ኣብ መበቆል ሃገርኩም ወይ እትቕመጡላ ሃገር ሓደጋ ኽየጋጥመኩም ብምፍራህ፡ ዩናይትድ ኪንግዶም ድማ ኣህጉራዊ ጸግዒ ንኽህተበኩም ስለዝደለኹም፡ ናብ ዩናይትድ ኪንግዶም ዝመጻእኩም እንተዀንኩም፡ ዑቕባ ንኽትረኽቡ ክትሓቱ የድልየኩም እዩ።

ብመገዲ ሆም ኦፊስ ዩናይትድ ኪንግዶም (UK Home Office)፡ ንጕዳያት ዑቕባን ሕቶታት ኢሚግሬሽንን ዝከታተል ክፍሊ መንግስቲ ከምኡውን ኣተግበርቲ ሕጊ ዶባት ኣቢልኩም ዑቕባ ትሓቱ።

እዚ ክፍሊ-ጽሑፍ'ዚ፣ ብዛዕባ ዑቕባ ብኸመይ ከምእትሓቱ፣ ሕጋዊ ውክልና፣ ናይ መንበሪ-ገዛን ፋይናንሳውን ደገፍ፣ ብዛዕባ ንሆም ኦፊስ ምሕባር፣ ቀይዲ ኢሚግሬሽን፣ ከምኡውን ፍቓድ መንበሪ ንኽትረኽቡ ዝሓሸ ዕድል መታን ክትረኽቡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ክትወስድዎ ብዛዕባ ዘለኩም ስጕምትታት ዝሓዘ እዩ።

ሆም ኦፊስ፣ ሰባት፡ ናብ ዩናይትድ ኪንግዶም ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ ብኡንብኡ ዑቕባ ክሓቱ ትጽቢት ይገብር። ዑቕባ ምስዘይትሓቱ፡ ሆም ኦፊስ፡ ኣብ ሓደጋ ከምዘየለኹም ብምቑጻር፡ ንዕኡ ድማ ከም ምጕት ክጥቀመሉ እዩ። ናብ ዩናይትድ ኪንግዶም ምስ መጻእኩም ብኡንብኡ ዑቕባ ምስዘይትሓቱ፡ ቀልጢፍኩም ዑቕባ ዘይሓተትኩሙሉ ምኽንያት ኽትገልጹን እንተተኻኢሉ ድማ ንዕኡ ዘረጋግጽ መርትዖ ከተቕርቡን ከድልየኩም እዩ።

ገለ ሰባት፡ ብመዓርፎ ነፈርቲ ገይሮም ናብ ዩናይትድ ኪንግዶም ኣብ ዝኣተወሉ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ዑቕባ ይሓቱ እዮም። ነዚ ድማ ኣብቲ ቦታ ንዝረኽብዎም ሰብ-መዚ ኢሚግሬሽን ዑቕባ ክሓቱ ከምዝደለዩ ብምሕባር ይገብርዎ። ዑቕባ እንተተሓቲትኩም፡ ብዛዕባ ገዛእ-ርእስኹምን ጕዕዞኹምን ዝምልከት መባእታዊ ሓበሬታ ንዝእከብሉ ናይ ፈለማ ቃለ-መጠይቕ – ናይ ምምያ ቃለ-መጠይቕ – መብዛሕቱ ግዜ ኣብቲ ዑቕባ ዝሓተትኩሙሉ መዓልቲ ወይ ኣብ ዝቕጽላ ሓሙሽተ መዓልታት ኽካየደልኩም እዩ።

ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ኣብ ዝኣተኹሙሉ ብኡንብኡ ዑቕባ ምስዘይትሓቱ፡ ኣብ ክሮይዶን (Croydon) ኣብ ዝርከብ ኣሃዱ ምምያ (Screening Unit) ዑቕባ ንኽትሓቱ ብተሌፎን ቆጸራ ክትሕዙ የድልየኩም እዩ። እቲ መስርሕ ንዓበይትን ንቖልዑን ሓደ ዓይነት እኳ እንተኾነ - ዘሰንዮም ዓቢ ሰብ ዘይብሎም ቆልዑ ምስዝኾኑ ግን፡ ናብ ክሮይዶን ካብ ምጕዓዝ፡ ኣብቲ ዝቕመጥሉ ከባቢ "ቃለ-መጠይቕ ድሕነት" (ማዕረ ቃለ-መጠይቕ ምምያ'ዩ) ኽግበረሎም ይግባእ፣ እዚ ግን ጨንፈር ሆም ኦፊስ ኣብ ቀረባኦም ምስዘይህሉ እዩ።  ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዘሎ ክፍሊ ቃለ-መጠይቕ ምምያ ብዝያዳ ኣንብቡ።

ኣብ ሰሜናዊ ኣየርላንድ ብምእታው ናይ ዩናይትድ ኪንግዶም ዝመጻእኩም፡ እሞ ኸኣ – ኣብ ቤልፋስት *(Belfast)* ኣብ ዝርከብ ኣገልግሎት ዑቕባ ብራይሶን *(Bryson Asylum Service)*  ዑቕባ ዝሓተትኩም እንተዀንኩም፡ ብፍሉይ ዝርኤ እዩ።

እቶም ኣብ መደበር ፖሊስ ኢዶም ዝሃቡ ሰባት (ብፍሉይ ቆልዑ)፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ናብ ሆም ኦፊስ ከምዝልኣኹ ኽግበር ዝከኣል እኳ እንተኾነ – ንስኹም ግን ኣብ መደበር ፖሊስ ዑቕባ ክትሓቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ዑቑባ ንኽትሓቱ ምድላዋት ቅድሚ ምግባርኩም፡ ብጕጅለታት ኣተግበርቲ ሕጊ ኢሚግሬሽን ምስእትውሰዱ፡ ዑቑባ ክትሓቱ ከምእትደልዩ ክትሕብርዎም የድልየኩም እዩ።

ቃለ-መጠይቕ ምምያ ድሕሪ ምክያዱ፡ ንዑቑባ ዝምልከት ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕ (**substantive interview**) ኽግበረልኩም እዩ። እዚ፥ ናብ ሃገርኩም ምስትምለሱ፡ ህይወትኩም ኣብ ሓደጋ ዝኣትወሉ ምኽንያት እትገልጽሉ ነዊሕን ዓምዩቑን ቃለ-መጠይቕ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕን ብኸመይ ከምእትዳለውሉን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዘሎ ክፍሊ ቃለ-መጠይቕ ዑቑባ ኣንብቡ።

ካብ ቃል-መጠይቕ ምምያ ክሳዕ ኣገዳሲ ቃል-መጠይቕ ዘሎ ንውሓት ግዜ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ብዙሕ ኣዋርሕ ክኸውን ይኽእል ኣዩ፣ እዚ ጽሑፍ ኣብ ዝዳለወሉ ግዜ ድማ ሓደ ሓደ ሰባት፡ ክሳዕ ሓደ ዓመት ዝኸውን ግዜ ይጽበዩ ኣለዉ።

መርትዖ፡ ኣብ ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕ (ወይ ድሕሪኡ) ናብ ሆም ኦፊስ ከተቕርቡ ድሌት ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ጠበቓ እንተልይኩም፡ ብዛዕባ'ዚ ዚምልከት ፈለማ ምስኡ ተዘራረቡ። “መርትዖ” እንታይ ማለት ምዃኑ፡ ኣብ ክፍሊ ጥማር-ጽሑፍ ንዘሎ ሓበሬታ ቃለ-መጠይቕ ዑቑባ ኣንብቡ።

ሆም ኦፊስ፡ ኣብቲ ዘቕረብክሙዎ ሕቶ ዑቑባ ውሳኔ ንኽህብ ብዙሕ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብ 2019፡ መብዛሕቱ ውሳኔታት፡ ልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ይወስድ ነይሩ።

እቲ ዘቕረብክሙዎ ሕቶ ዑቑባ ምስዝንጻግ፡ ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ ሕቶ ይግባይ ኸተቕርቡ መሰል ኣለኩም። እቲ ፈለማ ይግባይ እተቕርብሉ ቦታ፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ (First-tier Tribunal) እዩ። ድሕሪ ምንጻግ ሕቶ ዑቑባ ብዛዕባ ዝህሉ ሕጋዊ መስርሕ ዚምልከት፡ ኣብ ክፍሊ ጥማር-ጽሑፍ ንዘሎ ሓበሬታ ምንጻግ ሕቶ ዑቑባ ብዝያዳ ኣንብቡ።



RIGHT TO REMAIN

# ሕጋዊ ወኪል

ኣታዊ ዘይብልኩም ወይ ውሑድ ኣታዊ ዘለኩም ምስእትኾኑ፡ ሕጋዊ ምኽሪ ንኽትረኽቡ ንዝወጸ ወጻኢታት ንምኽፋል ሕጋዊ ደገፍ ክውሃበኩም ይከኣል እዩ። መንግስቲ፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ዝውዕል ምወላ መዲቡ ይርከብ፣ ወጻኢታት ሕጋዊ ደገፍ፡ ናብ ወሃብ ሕጋዊ ምኽሪ ብቐጥታ ከምዝኽፈል ይኸውን።

ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ምስኣተኹም ብኡንብኡ ወይ ኣብ ቀረባ ግዜ ሕቶ ዑቕባ ዘቕረብኩም ምስእትኾኑ፡ ቃለ-መጠይቕ ምስተገበረልኩም፡ ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕ ቅድሚ ምክያዱ፡ መብዛሕቱ ግዜ ምስ ጠበቓ ሕጋዊ ደገፍ ክትራኸቡ ኽትክእሉ ኢኹም።

ጠበቓ ብቐጥታ ዝቐረበልኩም እኳ እንተዘይኮነ ኣብቲ እትቕመጥሉ መንበሪ-ገዛ ሓተትቲ ዑቕባ ብምሕታት፡ ኣብ ጥቓኹም ብዛዕባ ዝርከብ ትካል ሕጋዊ ደገፍ ወይ ማእከል ደገፍ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ ታሕቲ ይርከብ)።

ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ንገለ እዋን እተቐመጥኩም እንተኾንኩም፡ ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ጠበቓ ንኽትረኽቡ ክትጽዕሩ ይግባእ። ነዚ መዝገብ-ጠበቓታት ብምጥቃም ጠበቓ ሕጋዊ ደገፍ ከተናድዩ ትኽእሉ ኢኹም፧ righttoremain.org.uk/toolkit/lawyers/

ብዛዕባ ሕጋዊ ረድኤት፡ እቲ ረድኤት'ዚ ንኽውሃበኩም ብቑዓት ምስዘይትኾኑ ድማ ብዛዕባ ካልእ ኣማራጺታት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ክፍሊ ጥማር-ጽሑፍ ንዘሎ ሓበሬታ ሕጋዊ ጉዳያት ኣንብቡ።

# መንበሪ-ገዛን ፋይናንሳዊ ደገፍን

እትቕመጥሉ ቦታ ምስዘይህልወኩምን ንገዛእ-ርእስኹም ንኽትኣልዩ እኹል ገንዘብ ምስዘይህልወኩምን፡ ዑቕባ ኣብ እትሓትሉ እዋን ንሆም ኦፊስ ክትሕብሩ ይግባእ። ኣብዚ ሕጋዊ መስርሕ'ዚ፡ መንበሪ-ገዛን ውሑድ ዝዓቐኑ ገንዘብን ክትረኽቡ መሰል እኳ እንተሃለወኩም፡ እትቕመጥሉ ኣውራጃ ክትመርጹ ምርጫ የብልኩምን፣ ኽትቕመጥሉ እትኽእሉ ገዛ ናይ እትፈልጥዎ ሰብ ዘብልኩም እንተኾይኑ እዩ።

መብዛሕቱ ግዜ፡ ዑቕባ ትሓቱ እንተልይኹም፡ ስራሕ ንኽትሰርሑ ኣይፍቀደልኩምን እዩ።  ብዘይ ሕጋዊ መገዲ (ፍቓድ ከይረኸብኩም) ክትሰርሑ እንተተረኺብኩም፡ ክትክሰሱን ክትእሰሩን ትኽእሉ ኢኹም።

ናብራኹም ክትመርሑ ዘይትኽእሉ በታኻት እንተኾንኩም፡ ብሆም ኦፊስ ንዝመሓደር ሓገዛት መንበሪ ገዛን መባእታዊ ወጻኢታት መነባብሮን - “ደገፍ ዑቕባ” ንኽውሃበኩም ከተመልከቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ደገፍ ዑቕባ ዝምልከት ኣብ ክፍሊ ጥማር-ጽሑፍ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብቡ።

# ንሆም ኦፊስ ዝውሃብ ሓበሬታ

ዑቕባ ሓቲትኩም ግን ከኣ ውሳኔ ዘይተዋህበኩም እንተኸይንኩም ወይ እቲ ዘቕረብክሙዎ ሕቶ ዑቕባ ዝተነጽገ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ እተዋህበ ውሱን ግዜ ናይ ነፍስወከፍ ሰሙን፡ ክልተ ሳምንታት ወይ ወርሒ (ወይ ሓደ ሓደ ግዜ ካብቲ እተጠቕሰ ኣብ ዝውሓደ ግዜ) ናብ ሆም ኦፊስ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ሓበሬታ ዝውሃበሉ ረቛሒታት፡ ዑቕባ ድሕሪ ምቕራብኩም ብሆም ኦፊስ ዝወጸ ክኸውን ይኽእል እዩ - ስለዚ፡ ገለ ሰባት፡ ሓበሬታ ንሆም ኦፊስ ብፍጹም ዘይሃቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ምኽንያቱ፡ ሆም ኦፊስ፡ ፍቓድ ኢሚግሬሽን ዘይብሎም ሰባት ኲሉ ግዜ ሓበሬታ ንኽህቡ ንኽሓቶም ጸጋዊ ዓቕሚ ዘይብሉ ስለዝኾነ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሓበሬታ ክትህቡ ኣብ እተሓተትክሙሉ እዋን - ኣብ ጨንፈር ሆም ኦፊስ ወይ ኣብ ቀረባኹም ኣብ ዘሎ መደበር ፖሊስ ኣብ ዝርከብ ጠረጴዛ ኢሚግሬሽን - ንዓኹም ቀረባኹም ኣብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኽግበር ይግባእ።

ኣብዚ ቆጸራታት'ዚ፡ ስምኩም ክትፍርሙ ጥራይ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሰራሕተኛ ኢሚግሬሽን፡ ሕቶታት ክሓተኩም ይኽእል እዩ። ሽሕ እኳ እቲ ቘጸራ ንደቓይቐ ዝጸንሕ እንተኾነ፡ ሆም ኦፊስ ግን ነቲ ጒዳይ ብዕቱብ ይሕዞ እዩ፣ ኣብቲ ቆጸራ ምስዘይትሳተፉ ድማ ኣንጻርኩም ክሲ ንኽቕርብ ከም ምኽንያት ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ድሕሪ'ቲ ዑቕባ ዘቕረብክሙሉ ገለ ግዜ፡ ኣብ ሓደ ካብቲ ዘለኩም ቆጸራታት ንኽትቐየዱ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ታሕቲ ርኣዩ።

ምናልባት ቀይዲ ከጋጥመኩም ስለዝኽእል፡ ነቲ ቐይዲ እተዳለኹም መታን ኽትኮኑ፡ ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዝርከብ ክፍሊ ቀይዲ ሓበሬታ ርኸቡ።

ክፍሊ ስጉምቲ

ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ እትቕመጥሉ ሓድሽ ቦታ ምስ ዝርከቡ ሰባት ርክብ ኽትገብሩ ጀምሩ።

ደገፍ ክይተዋህበኩም ንመስርሕ ዑቕባ ንኽትሓልፉ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ መላእ'ዚ ጥማር-ጽሑፍ'ዚ ኣብ ዘሎ ክፍልታት ስጉምቲ፡ ንመስርሕ ዑቕባ ብዓወት ንኽትሓልፉ መታን ክሕግዘኩም፡ ንስኹምን እቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባትን ክትወስድዎ እትኽእሉ ስጉምታት እንታይ ምዃኑ ምኽርታት ይህበኩም እዩ።

ነቶም ዑቕባ ዝሓተቱ ሰባት መንበሪ-ገዛ ዝሃብኦም ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ዝርከባ መብዛሕትእን ዓድታትን ከተማታትን፡ ምስ ካልኦት ሓተትቲ ዑቕባ ከምኡውን ንዓኹም ዝሕግዙን ምኽሪ ዝህቡን ወለንተኛታት ክትራኸብሉ እትኽእሉ ማእከላት ማሕበረ-ኮማት ኣለወን። ኣብ ሓድሽ ቦታ ኣብ ዝመጻእክሙሉ ግዜ፡ ንስኹም እትፈትዎም ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሰባት ክሳዕ እትረኽቡ፡ ንኻልኦት ሰባት ሕተቱን ብዛዕባ'ቲ ቦታታት ድማ ሓበሬታ ርኸቡን።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ዘጋጥመኩም ነገር ተዳለዉ

ቃል-መጠይቕ ዑቕባ ክሳዕ ሕጂ ዘይተገብረልኩም እንተኾይኑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንዕኡ ተዳለዉ።

እቶም ዑቕባ ዝሓቱ መብዛሕቶም ሰባት፡ ሕቶ ዑቕባኦም ብሆም ኦፊስ ይንጸግ እዩ። ሕቶኹም ምስዝንጸግ፡ እቲ ዘለኩም ሕጋዊ ኣማራጺታት እንታይ ምዃኑ ፍለጡ።

ደገፍ ክህብኹም ዝኽእሉ ሰባት ኣብ ከባቢኹም ይሃልዉኹም። ሓቂ ሓበሬታ ከምዘይሃብኩም፡ ብሆም ኦፊስ፡ ምናልባት'ውን ብኣባያተ-ፍርዲ ክሕበረኩም ጽቡቕ ኣይኮነን። ምሕዝነታዊ ደገፍ ብምሃብ ምሳኹም ደው ምስዝብሉ ሰባት ብምዃን፡ ኣብ ጉዳይኩም ድማ ፍትሒ ንኽትረኽቡ ብቐጻሊ ንኽትዓዩን ንኽትቃለሱን ብዝያዳ ኽትክእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ኣባል ፓርላማ **(MP)** ናይ እትቕመጥሉ ከባቢ ሓበሬታ ርኸቡ።

ኣባል ፓርላማኹም፡ ኣብቲ መረጽቲ'ቲ እትቕመጥሉ ቦታ ወይ ሓያል ምትእስሳራት ኣብ ዘለዎም ቦታ ምርኩስ ዝገበረ እዩ። መራጺ-ቦታ፣ መረጽቲ ንሓደ ኣባል ፓርላማ ዝመርጽሉ ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ዝርከብ ሓደ ከባቢ እዩ።

ኣባል ፓርላማኹም መን ምዃኑ ከምኡውን ብኸመይ ከምእትረኽብዎ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ TheyWorkForYou.com ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ንኣባል ፓርላማኹም ንኽትራኸቡ ኣብዚ ግዜ ምሕሳብ ክትጅምሩ ብፍጹም ኣይቀልጠፍኩምን። ንዕኡ ድሮ እትፈልጥዎ እንተኼንኩም፡ ኣብ ጉዳይኩም ጸገም ምስዘጋጥመኩም ብዛዕባኡ ንኽተዘራርብዎ ኣብ ዝኸድክሙሉ እዋን፡ ንዓኹም ክሕግዘኩም ድሌት ንኽህልዎ ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ። ብተሌፎን ወይ ብኢመይል ዘይኮነስ፡ ብኣካል ንኽትረኽብዎ ክትጽዕሩ እቲ ዝሓሸ እዩ። ብዛዕባ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝምልከት ምስ ኣባላት መረጽቲ ገጽ ንገጽ ኣብ ዝራኸብሉ "ኣኼባ-ባይቶ" ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣባል'ዚ ናይ ጉጅለ እንተኼንኩም፡ ኣብ ሓደ ካብ ኣኼባታት'ዚ ጉጅለ ንኽመጽእ ንኣባል ፓርላማኹም ክትዕድሙ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪ'ዚ ሓገዝ ንኽህበኩም ንኣባል ፓርላማ ኣብ እትረኽብሉ ግዜ፡ ምስቲ ጉጅለ ዘለኩም ምትእስሳር እወታዊ ረብሓ ክህልዎ ይኽእል፣ ንዓኹም ንኽሕግዝ ድማ ድሬኢት ኽገብረሉ ይኽእል እዩ።

RIGHT TO REMAIN

## ቀይዲ

ፍቓድ መንበሪ ምስዘይህልወኩም፡ ኣብ መቐየዲ ኢሚግሬሽን ንኽትቕየዱ ኽትግደዱ ኢኹም። ብ"ማእከላት ምልቃቕ ኢሚግሬሽን" ብወግዒ ዝፍለጥ መቐየዲ ማእከላት፡ ልክዕ ከም ኣብያተ-ማእሰርቲ እዩ።

ዑቕባ ኣብ ዝሓተትክሙሉ እዋን ኣብ ዝኾነ እዋን ኽትቕየዱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብ ሓደ ካብ እዋናት'ቲ መስርሕ ዑቕባ፡ ከምዚ ኽጋጥመኩም ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ዑቕባ ኣብ ዝሓተትክሙሉ እዋን፡ እቲ ሕቶኹም "ንጹር መሰረት ዘይብሉ" ምስዝኸውን፡ ኣብ ቃለ-መጠይቕ ምምያ ኽትቕየዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዝርከብ ሓበሬታ ቃለ-መጠይቕ ምምያ (መሰላት ይግባይ ዘይውሃቦ ቀይዲ) ብዝያዳ ኣንብቡ።

ሆም ኦፊስ፡ ዑቕባ ኣብ ዝሓተትክሙሉ፡ ብኻልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር (EEA) ከምዝመጻእኩም ዘረጋገጸ ምስዝኸውን፡ ብመሰረት ሕግታት ዱብሊን (Dublin) ነቲ ሕቶ ዑቕባኹም ናብታ ሃገር ከመሓላልፍን እዚ ኣብ ዝገብርሉ እዋን ድማ ኽቕይደኩምን ይኽእል እዩ። ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ዝርከብ ክፍሊ ሕግታት ዱብሊን ብዝያዳ ኣንብቡ።

ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ገለ ግዜ ዝገበርኩም እሞ ኸኣ ሕጋዊ ወረቓቕቲ/ፍቓድ ኢሚግሬሽን ዘይብልኩም እንተኼንኩም (ንኣብነት፣ ግዜ ቪዛኹም ኣብቂዑ እንከሎ ትቕመጡ እንተልይኹም)፡ ብኣተግበርቲ ሕጊ ኢሚግሬሽን ኽትውሰዱን ዑቕባ ከምእትሓቱ ኽግበርን እዩ፣ ኽትቕየዱ ድማ ይከኣል እዩ፣ ንጉዳይኩም ድማ ኣብ ምድብ "ጉዳያት እተቐየዱ ሓተትቲ ዑቕባ" ከስፍሩ እዮም። ዘቕረብክሙዎ ሕቶ ዑቕባ ኣብ እተነጽገሉ እዋን፡ ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ይግባይ ንኸተቕርቡ መሰል ክህልወኩም እዩ (እዚ ግን ጉዳይኩም ኣብ "መሰል ይግባይ ዘይብሉ ጉዳይ" ዝተመደበ እንተዘይኮይኑ እዩ)። እቶም ኣብ ምድብ "ጉዳያት እተቐየዱ ሓተትቲ ዑቕባ" ዝርከቡ ብዙሓት ሰባት፡ ዘቕረብዎ ሕቶ ይግባይ ኣብ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምስማዑ፡ ካብ ቀይዲ ከምዝወጹ ኽግበር እዩ።

ዑቕባ ኣብ ዝሓተትክሙሉ እዋን ምስዘይትቕየዱ፡ መብዛሕቱ ግዜ ሕቶ ዑቕባኹም ክሳዕ ዝንጸግ ዘቕረብክሙዎ ሕቶ ይግባይ ድማ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ክሳዕ ዝንጸግ ኣይትቕየዱን ኢኹም (እዚ ድማ ሕቶ ይግባይ ብትኽኽል ዘቕረብኩም እንተኼንኩም እዩ)። እዚ፡ “ይግባይ ንኸተቕርቡ ንእተዋህበኩም መሰላት ዝወዳእኩም" (ሆም ኦፊስ ብኸምዚ ይጽውዖ) እንተኼንኩም እዩ። ንተወሳኺ ሕቶታት ይግባይ ዘጠቓልል ሕጋዊ ጉዲናታት ንዓኹም ክፉት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዝርከብ ክፍሊ ድሕሪ ምንጻግ ሕቶ ዑቕባ ርኣዩ።

እቲ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ዝቕየድዎ ግዜ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ግዜ ገደብ ስለዘይብሉ - ንዘይተወሰነ ግዜ ኽትቕየዱ ትኽእሉ ኢኹም (ንጥኑሳት ደቀኣንስትዮ ኣይምልከትን'ዩ፣ ንሳተን፡ መብዛሕቱ ግዜ ክሳዕ 72 ሰዓታት ጥራይ ከምዝቕየዳ ኽግበር ይከኣል)።

ኣብ ጥማር-ጽሑፍ ንዝርከብ ክፍሊ ቀይዲ ብዝያዳ ኣንብቡ።

## ኣብ ታሕቲ ንዝርከብ ክፍሊ ስጉምቲ ርኣዩ